## ኩሉ ግዜ ሆታን ዕልልታን መግለጺ ሓጎስ ወይስ፡ መርኣያ ሃገራዊ ፖለቲካዊ ውድቀት?

ኩሎም ሕብረተ-ሰባት ዘሐጉስ ኮነ ዘሕዝን ነገራት ከጋጥሞም እንከሎ፡ ውሽጣዊ ስምዒቶም ንግዳም ዝገልጽሉ፡ ነናቶም ስሩት መለለዪ ባህሊ ኣለዎም። ብሄራትን ብሄረ-ሰባት ኤርትራ'ውን ከም ኣካል ኣምሳል ሕብረተ-ሰብ ዓለም መጠን፡ ኣብ ናይ ግጥሚ፣ ዜማ፣ ቅላጸን ብኣካል ዘርእዮ ምልክትን ዝረአ ንኡስ ፍልልይ ገዲፍካ፡ ዘሐጉስ ነገር እንከጋጥሞም ብሆታ፡ ዕልልታ፡ ጣቕዒትን ሳዕሳዒትን፤ ዘሕዝን ጉዳይ እንከጋጥሞም ድማ ሓዘኖም ዘንጸባርቕሉ፡ ከም ብኽያት፣ ኣውያት፣ ምቑዛም፣ ምስትንታን፣ ከምኡ'ውን ተስፋ ኣብ ዝስእንሉ፡ ወይ ኣብ ዝሓርቅሉን ዝሕርንሉን ግዝያት ዘስምዕዎ ፍሉይ ድምጽን ዘርእይዎ ኣካላዊ ምልክትን ዘለዎም ህዝብታት'ዮም።

ኣብ ግዜ ሓጎስ ንግዝያዊ ሓጎስካ፡ ኣብ ግዜ ሓዘን ንውሽጣዊ ሓዘንካ፡ ኣብ ዝተበደልካሉ ናይ ተበዲለ ቁጠዐ፡ ኣነ ንመሰለይ ሕራነን ፈላሊኻ ምግላጽ ናይ ጥዕና ዘለዎ ኣተሓሳስባ መግለጽን ናይ ግድን ክኸውን ዝግባእን'ዩ። ብኣንጻሩ ናይ ሓጎስ ሓዘን ሕራነ ስምዒት ዘይምህላው እንተጋጢሙ፡ ብውልቀ ሰብ ይኹን ብሕብረተ-ሰብ ደረጃ ናይ ጥዕና ምልክት ኣይኮነን። ሓጎስ ሓዘንን ቁጠዐን ዘይፈሊ ኩሉ ግዜ ሆታ፡ ዕልልታ፡ ጣቕዒትን ሳዕስዒትን ዝዝውተር እንተኾይኑ'ውን ምልክት ኣሉታ ኣተሓሳስባ 'ምበር ምዕቡል ፖለቲካዊ ንቕሓት ኣይኮነን።

ኣብ ውሽጢ ዝሓለፈ 27 ዓመታት ኣብ ውሑዳት ዘይኮኑ ኤርትራውያን ንኢሳያስን ጉጅለኡን ብምድጋፍ ዝተሰምዐን ዝስማዕ ዘሎን ሆታን ዕልልታን እምበር'ዶ ናይ ጥዕና'ዩ ክትብል ይደፍኣካ። ምኽንያቱ ከምዚ ዓይነት ኣካይዳ ነቲ ብተዋረድ ዝመጽአ ስሩት ኣወንታዊ ባህሊ ዘዛብዕ፡ ካብኡ ሓሊፉ'ውን ነቲ ብባህሪ ዝመጽእ መግለጺ ሓጎስ፡ ሓዘን ኮነ ቁጠዐ ብሰንጠቕ ዝጻረር'ዩ። መርድእ ሞት እንክስማዕ ዕልል፣ ሰብ እንክምርዖ ዕልል፣ እናተበደልካ ዕልል፣ በዳሊ ብዝተፈላለዩ ውሽጣውን ግዳማውን ጸቕጢ መለሳ ገጽ ኣብ ዘርእየሉ፡ ኣብ ኩሉ ሆታን ዕልልታን ጣቕዒትን ሳዕሳዒትን ተዓዚብካ እንታይ'ዩ ዘሕጉሶም እንታይ'ከ የሕዝኖም በቶም ከምኡ ዝገብሩ ትሓዝን። ደቀን ኣብ መድረኽ ሃገራዊ ነጻነት ዝተሰውእወን ኮነ፡ ኣብ'ቲ ብዶብ ዝተመኽነየ ኣብራሲ ኲናት፡ ዝሞትወን ኣደታት ኤርትራ፡ መርድእ ምስተነግረን ወደይ ወይ ጓለይ እንቋዕ ተሰወአ ተሰውኣት ሕጉሳት ኢና ኢለን ዓሊለን ብትካል ደረጃ ብድምጺ ሓፋሽን ኤረ ቲቪን ንዝተቓለሐ ዜናዊ ሓበሬታን ዜናዊ ሓተታን ንምርካብ፡ ድሕሪት ተመሊስካ ሰነዳት ምግልባጥ ጽቡቕ'ዩ። ብተግባር ኣብ ዓሚቕ ሓዘንን ድኽነትን እናሃለወ፡ ንቓላትን ስጉምን ውልቀ መላኺ ኢሳያስ፡ ዝህቦ ዘሎ ናይ ሆታ፡ ዕልልታን ጣቕዒትን ብኣንክሮ ምክትታል'ውን ካልእ ጭቡጥ መረጋገጺ ናይ ጥዕና ዘይብሉ ከም ህዝብን ሃገርን ኣዝዩ ዘፍርሕን ዘሕፍርን መግለጺ ደገፍ'ዩ።

ህዝብታት ኤርትራ ናይ ፖለቲካ ተልመደን ኣይኮኑን። ኤርትራ ብመግዛእቲ ጥልያን ካብ ዝተደኮነትሉ ብሓፈሻ፡ ካብ ግዜ ሞግዚታዊ ወተሃደራዊ ምምሕዳር እንግሊዝ መጀመርያ ኣርበዓታት ከኣ ብፍላይ፡ እናወደቑን እናተንስኡን ኣብ ባሕሪ ፖለቲካ ክሕብሱ ዝጸንሑ ተቓለስቲ ህዝብታት'ዮም። ኮታ ትርጉምን መኸሰብን ሰላማዊ ፖለቲካዊ ቃልሲ ተረዲኦም ብተግባር ዝተዋሰኡ፡ ዕጥቃዊ ቃልስን ኣድላይነቱን ፈሊጦም ብሓዊ ዝተፈተኑ፡ ዝደመዩ፡ መስዋእቲ ዝኸፈሉን ዝተዓወቱን ህዝብታት'ዮም። ኣብ'ቲ ፖለቲካዊ ጸወታ ትርጉም ፈታውን ጸላእን፣ ጠንቅን ሳዕቤንን፣ ፖሊሲን ኣፈጻጽማን፣ ደርባዊ ቃልስን ህዝባዊ ውግንናኡን፣ ስሙር ግንባራት ዓይነቱን ተልእኾኡን፣ ልኡላውነት ህዝብን ልኡላውነት ግዝኣታዊ ሓድነትን፣ኣቃውማ መንግስቲ ሓላፍነቱን ተሓታትነቱን፣ ኣብ ሓንቲ ሃገር ህላወ ህዝባዊ ሃገራዊ ቅዋምን ኣድላይነቱን፣ ምስ ናይ ርሑቕን ቀረባን ህዝብታትን ሃገራትን ብከመይ ሓቢርካን ተኻባቢርካን ትነብርን ትዓብን ….ወዘተ ምሉእ ኣፍልጦን ንቕሓትን ዝወነኑ ኢልካ፡ ኣፍካ መሊእካ ንምዝራብ'ኳ ዘድፍር እንተዘይኮነ፡ ኣብ'ዚ ኣስታት ናይ

100 ዓመታት ናይ እምቢታ፡ መስዋእትን ዓወትን ገድላዊ ተመክሮኦም ንካልኦት ከም ተመክሮ ክካፈል ዝኽእል መባእታዊ ኣፍልጦ ከም ዘለዎም ዝእመኑ ህዝብታት'ዮም።

ኣብ ውሽጢ'ዞም ብክለሰ-ሓሳባዊ ጥራሕ ዘይኮነ፡ ብተግባር ሃብታም ናይ ፖለቲካዊ ቃልሲ ተመክሮ ዘለዎም ህዝብታት፡ ኣብ ዘይፈልጥዎ ኩናት እተው እንክበሃሉ ሆታን ዕልልታን፣ ብዘይወግዓዊ ተሳታፍነቶምን ኣፍልጦኦምን እቲ ቀታሊ፡ መንገዲ ዕርቀ ሰላም ጀሚረ ኣለኹ ምስ በለ፡ ብኸመይ? ስለምንታይ? ካብ ዝሓለፈ እንታይ ከሲብና? እንታይ'ከ ከሲርና? መን'ከ ይሕተተሉ? ሕጂ'ኸ ናበይ ንኸይድ ኣለና? ነቲ ሜላታት እናቐያየረ ንምድኻሞም ዝሰርሕ ዘሎ ሰብ መን ከማኻ፡ ስለኻን ምሳኻን እናበሉ ኣብ ጎደናታት ወጺኦም ብሆታን ዕልልታ ክዕጅብዎ እንክትርኢ ብርግጽ ትሓፍር።

ከም'ቲ ኣብ መጀመርያ 90ታት ስርዓት ደርግ ተኣልዩ ሃገር ካብ ሰራዊት መግዛእቲ ነጻ ምስ ወጽአት ድሕሪ ደጊም ድምጺ ጥይትን ናይ ግፋዓት ኣውያትን ኣይንሰምዕን ዝብል ትካላዊ ውሕስነት ኣብ ዘይብሉ ሕልማዊ ድሌታት ገዛኢ ዝነበረ፡ ሕጂ ብተመሳሳሊ እነሆ ነገራት ካበይ ናበይ ይኸይድ ኣሎ እንታይ ስምምዓት ይፍጸም ኣሎ እኹልን ሕጋውን ኣፍልጦ ኣብ ዘይብሉ፡ እቲ ጠንቂ ዶባዊ ኩናት ኤርትራን ኢትዮጵያን፡ ጠንቂ ፖለቲካውን ቁጠባውን ውድቀት ኤርትራ፣ ጠንቂ መሰረታዊ ጥሕሰት ሰብኣውን ደሞክራስያዊ መሰላትን ኣብ ኤርትራ ዝኾነ ሰብን ስማዊ ጉጅለኡን ከይተሓተቱ፡ ሰላም ንገብር ኣለና ስለ ዝበሉ ጥራሕ፡ ኣብኡ ተኣማሚኖም ኣብ ኤርትራ መሰረታዊ ናይ ፖለቲካዊ ስርዓት ለውጢ ከምዝተመለሰ፡ ድሕሪ ደጊም ሰላም ኮይኑ'ዩ፡ እናበልካ ዝቃላሕ ዘሎ ድምጺ ሰሚዕካ፡ ድሕሪት ተመሊስካ ነቲ ሕሉፍ ታሪኽ ብዓይኒ ጥርጠራ ክትፍትሽ ይዕድመካ። ከም'ዚ ዝበለ ውዱቕ ኣተሓሳስባ ከመይ ክፍጠር ክኢሉ ንምርዳእ'ውን ትጽገም። ይድንጽወካ፡ ትሓፍር። ኩሉ ግዜ ሆታን ዕልልታን ብሓቂ መግለጺ ውሽጣዊ ሓጎስ ወይስ መርኣያ ሃገራዊ ፖለቲካዊ ውድቀት ዝብል ሕቶ ይመጸካ'ሞ መጻኢና ናበይ ኢልካ ድማ ትፈርሕ።

ብሓልዮት ደሞክራስያዊ ግንባር ሓድነት ኤርትራ ዝፍኖ፡ ድምጺ ሰላምን ደሞክራስን ኤርትራ፡ 12-09-2018